# ምርሳዕ ዘበለ ኩሉ፡ ሕማም ረሲዕ ኣይኩነን

**ሓበሬታ ካብ ሽወደናዊ ማእከል ረሲዕ**



## ንጥፈታት ሓንጎል ክኣቢ እንከሎ

ዳርጋ ኩሉ እንገብሮ ንጥፈታትኣብ ምስ ኣተሓሳስባና ዝተኣሳሰረ እዩ። ኣብ ዝኽሪ ክንደሊ፡ ሓድሽ ነገር ክንመሃር ወይ ኣብ ዱኳን ሓደ ንገር ክንደሊ ከለና፡ ዝተፈላለየ *ንጥፈታት ዝኽሪ* እዮም ንጡፋት ዝኾኑ። ንሕና ገዛእ ርእሱ ዝኽኣለ ህይወት ንኽህልወና፡ ንሳቶም ዓቢ ትርጉም ኣሎዎም።

ሓደ ወይ ሓያሎ ንጥፈታት ዝኽሪ፡ ካብቲ ቅድም ዝነበርዎ ብርኡይ ክዝሕትሉ ከለው፡ ብዛዕባ *ዝሕታለ ዝኽሪ ንዛረብ ኣለና ማለት'ዩ*። ዝገሃደሉ ድማ ከም ንኣብነት ረሲዕ፡ ናይ ምርካብ ጸገም፡ ወይ ከኣ ኣብ ምውጻእ መደብን ትግባረን ቀለልቲ ዝኾኑ ንጥፈታት ምሽጋር ብዝመስሉ እዩ።

ዝሕታለ ዝኽሪ ብዝበለጸ ኣገባብ ንምፍዋሱ ምእንቲ ከከኣል፡ ምፍላጡ ኣገዳሲ እዩ። ማእከል ጥዕና፡ መግለጺ ክኸውን ዝኽእል፡ ሓደ ንጹር ምልክት ወትሩ ክረክብ ኣይክእልን እዩ። ብፍላይ እኳ ደኣ ፈኲስ ምስ ዝኸውን።

ዝሕታለ ዝኽሪ መብዝሕትኡ ግዜ ኣብ ሰለስተ ንኡስ ጉጀለታት ይምቀል፡ ህጹጽ ድንግርግር፡ ፈኲስ ስንክልና ዝሕታለ ዝኽሪ፡ ከምኡ'ውን ሕማም ዝሕታለ ዝኽሪ።

## ህጹጽ ድንግርግር ምባል መብዝሕትኡ ግዜ ንድሕሪት ይኸይድ እዩ

ምልክት ዝሕታለ ዝኽሪ ቀልጢፉ ኣብ ትሕቲ ሓጺር እዋን ክዓቢ እንከሎ፡ መብዝሕትኡ ግዜ ህጹጽ ድንግርግር ምባል ወይ ብቛንቋ ሞያውያን ኮንፊዩዥን እዩ ዝብሃል ኣብቶም ዓበይቲ ሰባት እቲ ሕማም ድሕሪ መብጣሕቲ ወይ ብምኽንያት ቃንዛ መብዝሕትኡ ግዜ ኣብ ምንቅስቓስ ኣካላውን ስነ ኣእምሮኣውን እዩ ዝሓድር። ጠህጹጽ ድንግርግር ምባል፡ ብድርቀት፡ ብረኽስታት፡ ከምኡ'ውን ብጐናዊ ሳዕቤናት መድሃኒት'ውን ክለዓል ይኽእል'ዩ።

ህጹጽ ድንግርግር ምባል ክፍወስ ይከኣል እዩ፡ እቲ ምልክት ድማ ንድሕሪት ክምለስ ይከኣል'ዩ፡ እቲ ብድሕሪት ዘሎ ጠንቂ ንምፍላጥ ግን መርመራ እቲ ኩነት ምቅጻሉ ይግባእ።

## ኣሕጽሮት MCI ኣብ ፈኲስቲ ምልክታት

ብዙሓት ከም ቀደም የለናን ካብ ዝብል ሻቕሎት ተበጊሶም ሕክምና ይደልዩ እዮም። እቶም ምልክታት ዕፉናትን ድኹማትን ክኾኑ ይኽእሉ፡ እቶም ሰባት ግን ኣድህቦ ኣብ ምግባር ከምዝሸገሩ፡ ምዝካር ከምዝሰኣኑ፡ ወይ ዝተፈላለዩ ንጥፈታት ንምትግባር፡ ነዊሕ ግዜ ከምዝወስደሎም ብንጹር ይዛረቡ።



እዚ ኣብ ፈኲስቲ ስንክልና ዝሕታለ ዝኽሪ ወይ MCI ዝርአ ንቡር ምልክት እዩ (*Mild cognitive impairment*) ይብልዎ ብቛንቋ እንግሊዝ ከሕጽርዎ ከለው። እቲ ዝሕታለ ዝኽሪ ኣብ MCI ብኒውሮ ሳይኮሎጂካዊ ፈተነታት ክርአ ይኽእል። እቲ ምልክት ናይቶም ሰባት ማሕበራዊ ህይወት ወይ ከኣ ሞያዊ ስራሕ ክጸሉ ይኽእል እንተኾነ ብልዑል ደረጃ ከምቲ ናይ ረሲዕ ግን ኣይኩነን።

## ብዙሕ ተኽእሎ ጠንቅታት

MCI ብዙሕ ጠንቅታት ክህልዎ ይኽእል ዘይተፈወሰ ጸቕጢ፡ ወቕዒ ከምኡ'ውን ጐናዊ ሳዕቤን መድሃኒታት፡ ገለ ሒደት ኣብነታት እዮም። ኣብ ገለ ኩነት ከም ቀዳሞት ምልክታት ሕማም ዝሕታለ ዝኽሪ ክኾኑ ይኽእሉ፡ ንኣብነት ሕማም ኣልዘሀይመር ወይ ሕማም ረሲዕ ቫስኩላር። ሽው እቶም ምልክታት፡ ጸኒሖም ሓያላትን ብዙሓትን ይኾኑ። ምውሳኽ ዕድመ ግን ብሕማም ረሲዕ ዘይኩነ ኣብ ንጥፈታት ዝኽሪ ክዳኸሙ ይኽእሉ እዮም። በየናይ ደረጃ ይግሃድ፡ ካብ ሰብ ንሰብ ይፈላለ እዩ።

ሻቕሎት፡ ድኻም፡ ቅዛነት ኣብ MC ዝውቱራት እዮም፡ ንምልክታት ዝሕታለ ዝኽሪ ድማ ከበርትዑ ይኽእሉ እዮም። ልዑል መጠን ስራሕን ጸቕጥን ድማ እብቶም ኣብ ናይ ስራሕ ዕድመ ዘለው ሰባት፡ ዝሕታለ ዝኽሪ ከጋጥሞም ይኽእል እዩ፡ እዚ ድማ ኣብ ኒውሮሳይኮሎጂካዊ ፈተነታት ከይተራእየ ክኸውን ይኽእል።

## ክትትል ካብ ሀ ክሳዕ ፐ እዩ

ኩሉ ግዜ እኳ ንሱ እንተዘይኩነ፡ እቲ ብድሕሪት ዘሎ ጠንቂ ንምፍላጥ ግን ፍወሳ MCI ይቕጽል። እቲ ስንክልና ዝሕታለ ዝኽሪ፡ ዋላ'ኳ ብፈተና ክረጋገጽ ዝከኣል ወይ'ውን ነቲ ሰብ ጥራይ ከምኡ ዝስምዖ'ውን ይኹን፡ እቲ ማእከል ጥዕና ግን ነቲ ዝተጠቕሰ ሰብ ብስሩዕ ክከታተሎ ኣገዳሲ እዩ።.

28 ጥሪ 2019 • ሽወደናዊ ማእከል ሕማም ረሲዕ ©

ብዝተፈላለዩ ቋንቋታት ዝተዳለዉ ሓበሬታታት፡ ካብ መርበብ ሓቲምኩም ንምውጻእ፡ መርበብ ሽወደናዊ ማእከል ሕማም ረሲዕ ተጠቐሙ: መርበብ ሓበሬታ www.demenscentrum.se/Faktablad

Svenskt Demenscentrum
ሽወደናዊ ማእከል ሕማም ረሲዕ፡ Sveavägen 155, 113 46 Stockholm, 08 - 690 58 00, info@demenscentrum.se
www.demenscentrum.se